
# ብደም ዝመሓላለፉ ሕማም ዘስዕቡ ተህዋስያን፡-
## *ክትፈልጥዎ ዘለኩም*



Bloodborne Pathogens (ብደም ዝመሓላለፉ ሕማም ዘስዕቡ ተህዋስያን፣ BBP) ብደም ወይ ብካልእ ናይ ኣካላት ፈሳሲታት ዝመሓላለፉ ጀርሚታት እዮም። እዞም ጀርሚታት ከም ሄፓታይተስ ወይ ኤችኣይቪ ዝኣመሰሉ ከቢድ ሕማማት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም፣ ስለዚ ከመይ ጌርና ውሑስ ከምንኸውን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

## ምክልኻል

- ንኹሉ ደም ወይ ፈሳሲ ኣካላት ከም ዝተለኽፈ ገይርኩም ሓዝዎ።
- ደም ወይ ፈሳሲ ኣካላት ክትሕዙ ከለኹም ኩሉ ግዜ ጓንቲ ግበሩ። ንሓንሳብ ጥራይ ዝጠቅም ጓንቲ ብኸመይ ብውሑስ ከምዝወጽእ ኣብ ዝስዕብ ተምሃሩ **https://www.redcross.org/content/dam/redcross/atg/PDFs/Take_a_Class/Bloodborne-Pathogens-Fact-and-Skill-Sheets.pdf?srsltid=AfmBOop5pOSzS-0e-OiWQGBRGbfbvhI4wTxu-rK7i157Fa0MP2gKF5se**
- ኣእዳውኩም ብተደጋጋሚ ብሳሙናን ማይን ተሓጸቡ።
- ንዝተቖርጹን ቁስልን ብፋስ ሸፍኑ።
- መርፍእ ወይ ከም ላማ ዝኣመሰሉ ውልቃዊ ነገራት ፈጺምኩም ኣይተካፍሉ።

## ምትሕልላፍ (BBP ብኸመይ ይስፋሕፋሕ)

- BBP ዝተለኽፈ ደም ወይ ፈሳሲ ኣካላት ናብ ኣካል ካልእ ሰብ ምስ ዝኣቱ እዩ ዝስፋሕፋሕ።
- ቀጥታዊ ርክብ፡- ዝተለኽፈ ደም ወይ ናይ ኣካል ፈሳሲ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ ይኣቱ፣ ከም ዝተለኽፈ ደም ናብ ዓይኒ እንተተነጺጉ።
- ቀጥታዊ ዘይኮነ ርክብ፡- ቆርበት ሓደ ሰብ ንዝተለኽፈ ደም ወይ ፈሳሲ ኣካላት ዝሓዘ ነገር ይትንክፍ፣ ንኣብነት ዝተበከለ ደም ወይ ፈሳሲ ኣካላት ናይ ዝሓመመ ሰብ ምስ ዝወስድ።
- ስርዓተ ምስትንፋስ ብጠብታ ምትሕልላፍ፡- ሓደ ሰብ ካብ ሕማም ዘለዎ ሰብ ዝመጽእ ጠብታ ክትንፍስ፣ ከም ብሰዓል ወይ ብህንጠሳ።
- ብቬክተር ወለድ ዝመሓላለፍ፡- ናይ ሓደ ሰብ ቆርበት ብሓደ ተላባዒ ምንጪ ይእቶ፣ ከም ናይ ጣንጡ ብልዒት።

## ምቁጽጻር ረኽሲ (ውሑስ ምጽናሕ)

- ንዝደሚ ሰብ ክትሕግዙ ከለኹም ጓንቲን መከላኸሊ ናውትን ተጠቐሙ።
- ንዝፈሰሰ ደም ጸረ-ረኽሲ ወይ 10% መንቐሒ ማይ ብምጥቃም ብግቡእ ኣጽርዩ። ናይ መንቐሒ ውህደት ንምስራሕ፣ ነቲ ኣብ መንቐሒ ጠርሙዝ ዘሎ መምርሒታት መርምሩ። መምርሒታት እንተዘይሃልዮም፣ ንነፍሲ ወከፍ ጋሎን ናይ ክፍሊ ሙቐት ማይ 1/3 ኩባያ መንቐሒ ብምጥቃም በዕልኹም ክትሓዋውሱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ዝኾነ ኣብ ልዕሊኡ ደም ዘለዎ ነገር ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ከረጺት ኣእትዉ።
- ከም መርፍእ ዝኣመሰሉ በሊሕ ነገራት ኣብ ፍሉይ መትሓዚታት (ብተለምዶ ዝተዓሸገ መኽደኒ ዘለዎን ከም ባዮሃዛርድ ዝተመዝገበን ቀይሕ ፕላስቲክ መትሓዚ) ጎሓፉ።
- ንነብስኹምን ንኻልኦትን ንምክልኻል ናይ ስራሕ ቦታ ናይ ድሕነት ሕግታት ተኸተሉ።

## ሕክምና

- ከም ሄፓታይተስ ሲ ዝኣመሰሉ ናይ BBP ረኽሲታት፣ ሕክምና ወይ እውን ፈውሲ ክህልዎም ይኽእል እዩ። ካልኦት ከም ኤችኣይቪ ዝኣመሰሉ ድማ ሰባት ነዊሕ ዕድመን ጥዕናን ክህልዎም ዝሕግዙ መድሃኒታት ኣለዉዎም።
- ሓደ ሰብ ቀልጢፉ ሕክምናዊ ክንክን ብዝረኸበ መጠን፣ ውጽኢቱ እውን ዝሓሸ ይኸውን።
- ቁስሊ፣ ቁራጻትን ዝተቓልዐ ቆርበትን ብሳሙናን ማይን ኣጸቢቕኩም ሓጸቡ።
- ኣብ ከባቢ ኣፍን ኣፍንጫን ብደም ወይ ተላባዒ ክኸውን ዝኽእል ነገራት እንተተነጺጉ፣ ነቲ ቦታ ብማይ ሕጸቡ።
- ኣብ ዓይኒ ወይ ኣብ ዙርያ ዓይኒ እንተተነጺጉ፣ ን 20 ደቓይቕ ብጽሩይ ማይ፣ ብጨው ወይ ብጽሩይ መስኖ ውህደት ሕጸቡ።
- Emergency medical services (ናይ ህጹጽ ሕክምና ኣገልግሎት፣ EMS) ዘድልይ እንተኾይኑ፣ እቲ ዘጋጠመ ነገር ብዝርዝር ንቶም ሰራሕተኛታት ጸብጻብ ኣቕርቡ። ነቲ ፍጻመ ናነቲ ዝተመደበ ሰራሕተኛ ጉዳይ ሓብሩ።
- ነቲ ዘጋጠመ ነገር ብዝርዝር ብምጽሓፍ መዝግብዎ።

## ምርመራ

መርመራ ደም ናይ BBP ረኽሲ ክምርምሩ ይኽእሉ እዮም። ተቓሊዕኩም እንተኾይንኩም፣ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ምርመራ ግበሩ። ኣብ ፈለማ፣ ብዙሓት BBP ዝኾነ ምልክት ሕማም ስለዘየርእዩ መርመራ ኣገዳሲ እዩ።

## ምስጢራውነት

ናይ ሕክምና መዛግብቲ፣ እንተላይ ናይ BBP ምርመራ ውጽኢት፣ ብሕታዊ እዮም። ናይ ሓደ ህጻን ናይ ረኽሲ ኩነታት ከተካፍሉ ኣይፍቀደልኩምን እዩ። ንስኹም ወይ ኣብ ትሕቲ ሓልዮትኩም ዘሎ ህጻን BBP እንተሃልዩኩም፣ ሕጂ'ውን መሰላትን ሓለዋን ኣለኩም። ኣስራሕትን ኣብያተ ትምህርትን ብዘይ ፍቓድ ሓበሬታ ጥዕናኹም ከካፍሉ ኣይክእሉን እዮም።

## ተወሳኺ ምንጪ

ብደም ዝመሓላለፉ ሕማም ዘስዕቡ ተህዋስያን – CY25 ናይ ኢ-ትምህርቲ ምስክር ወረቐት፦ **https://cpe.socialwork.uw.edu/alliance-courses/content/bloodborne-pathogens-cy25-certification-elearning**